Tigrinya

# ኵዕሶ

(Ball)

## ናይ ምዝርራብ ንጥፈታት ምስ መጻወቲታት

(Talking activities with toys)

### ንስኹምን ውሉድኩምን እንታይ ትገብሩ ኸም ዘለኹም ተዘራረቡ

(Talk about what you and your child are doing)

ከም ወላዲ ወይ ከም ኣለይቲ መጠን፣ ውሉድኩም ቛንቋ ኣብ ምምሃር ኣገዳሲ ግደ ኣለኩም። መጻወቲታት ሒዝኩም ኣብ እትጻወተሉ ግዜ ናብ ናይ ምምልላስ ርክብ ቀይርዎ እሞ ንውሉድኩም ድማ ቋንቋኡ ንኽሃንጽ ሓግዝዎ። ብሓባር ክትጻወቱ ኸለኹም፣ ብዛዕባ እቲ ንስኻትኩምን ውሉድኩምን እትገብርዎ ዘለኹም ተዘራረቡ። ነዞም ንጥፈታት እዚኦም ብቛንቋኹም ፈትኑዎም።

### ምስ ህጻን ውሉድኩም

(With your baby)

- ድምጽ ምውጻዕ ንምትብባዕ ኵዕሶ ተጠቐሙ። “ባባባ” በሉ እሞ በብተራ ነታ ኹዕሶ ኣንጥቡ።
- ውሉድካ ኾፍ ኽብል ወይ ኽፈሓኽ እንተ ድኣ ኽኢሉ፣ ነታ ኹዕሶ ምሳታ'ቶም ንድሕሪት ናሽከርከርኩም ተቐባበልዋ። ነታ ኹዕሶ ኽተሽከርክሩ ኸለኹም፣ "ኵዕሶ" በሉ። ውሉድኩም ነዚ ጸወታ እዚ ሓንሳእ ምስ ፈለጦ፣ ነታ ኹዕሶ ቅድሚ ነዓቶም ምሃብኩም ሒደት ካልኢት ተጸበዩ። ነታ ኹዕሶ እንደገና ኽንደባልሉ ኸም ዝደልዩኻ ምእንቲ ኽነግሩኹም ተግባራቶም፣ ኣብ ገጾም ዝንበብ መግለጺታትን ጭድርታን ተዓዩ።

### ምስ ብእግሪ ክኸድ ዝጀመረ ቖልዓ

(With your toddler)

- ቃላትኩም ምስቲ ውሉድኩም ዝብሎ ኣሰማምዕዎ። ብሓንሳእ 1 ቓል እንተ ተዛሪቦም፣ ብሓንሳእ 1 ቓል ኢኹም እትዛረቡ። ከም እኒ ምንድብላል፣ ምውቃዕ፥ ምድርባይ፣ ታሕቲ፣ ላዕሊ ከምኡውን ካልእ ከምኡ ዝኣመሰለ ቓላት ተጠቐሙ።
- ኪቐድሕዎ ዝኽእሉ ሓጺር ሓረጋት ተጠቐሙ፣ ንኣብነት "ነታ ኹዕሶ ውቕዓያ" ወይ "እታ ኹዕሶ ንላዕሊ ከይዳ" ዝብሉ። ቃላትን ሓረጋትን ደጋጊምካኩም በሉ።

### ምስ ኣብ ኣጸደ ሕጻናት ዘሎ ቖልዓ

(With your preschooler)

- ነታ ኹዕሶ ሓብእዋ። ውሉድኩም ከም ኣብ ትሕቲ፣ ኣብ ላዕሊ፣ ኣብ ውሽጥ ወይ ብድሕሪኡ ዝኣመሰላ ቓላት ንኽመሃር ኺሕግዞ ምእንቲ "ኣበይ ኣሎ?" ኢልኩም ሕተቱ። ብዛዕባ እንታይ ዓይነት ኵዕሶ ኸም ዘለኩም ተዘራረቡ፣ ከም ኵዕሶ እግሪ፣ ቤዝ ቦል፣ ከምኡውን ካልእ ከምዚ ዝኣመሰለ ነገራት። እታ ኹዕሶ ኸመይ ከም እትስማዕ ተዘራረቡ፣ ኸም ሓባጥ ጐባጥ ወይ ልሙጽ፣ ልስሉስ ወይ ተሪር፣ ዓብዪ ይኹን ንእሽቶ።
- ምስ ካልኦት ኵዕሶ ተጻወቱ። ውሉድኩም እንታይ ክትገብሩ ከም ዘለኩም ኽነግርኹም ፍቓዱሎም። "ነታ ኹዕሶ ናባይ ኣሽከርክራ"፣ "ነታ ኹዕሶ ናብ ኣደኻ ወቕዓያ"፣ ወይ "ነታ ኹዕሶ ናብ ሓትኖኻ ኣንጥራ"፣ ኽብሉ ይኽእሉ እዮም። በብተራ ግበርዎ።

እዞም ሓሳባት እዚኦም ኣብ ካልእ ከም ማኪና ወይ ዝንፋሕ ኮፍ መበሊ ዝኣመሰለ ዝንቀሳቐስ ወይ ናብዝን ናብትን ክመሓላለፍ ዝኽእል መጻወቲታት ክትጥቀሙሉ ትኽእሉ ኢኹም።

### ኣበይ ሓገዝ ትረኽቡ

ናይ ዘረባን ቋንቋን ፓቶሎጂስት ክሕግዙ ይኽእሉ።
ዝያዳ ኣብ ahs.ca/pedrehab ፍለጡ።

ንዝያዳ ሓበሬታ ነዚ QR ኮድ ስካን ግበሩ
ወይ ነዚ ዝስዕብ ብጽሑ፦



እዚ ጽሑፍ እዚ ንምኽሪ ብቑዕ በዓል ሞያ ጥዕና መተካእታ ኣይኮነን። እዚ ጽሑፍ ንሓፈሻዊ ሓበሬታ ጥራይ ዝዓለመ ኮይኑ "ከምዘለዎ"፡ "ከምዝኾነ" ብዝብል መሰረት እዩ ዝቐርብ። ዋላ እኳ ትኽክለኛነት ናይቲ ሓበሬታ ንምርግጋጽ ርትዓዊ ጻዕርታት እንተተገብረ፡ Alberta Health Services ንልክዕነት፡ ተኣማንነት፡ ምሉእነት፡ ተግባራዊነት ወይ ንፍሉይ ዕላማ ናይ ከምዚ ዝኣመሰለ ሓበሬታ ብቕዓት ዝምልከት ዝኾነ ውክልና ወይ ውሕስነት፡ ግሉጽ፡ ብተዘዋዋሪ ወይ ሕጋዊ ኣይገብርን። Alberta Health Services ንኣጠቓቕማ እዞም ንዋት፡ ከምኡ'ውን ካብ ከምዚ ዓይነት ኣጠቓቕማ ንዝፍጠር ዝኾነ ይኹን ክሲ፡ ተግባራት፡ ጠለባት ወይ ክስታት ኩሉ ተሓታትነቱ ብግልጺ የልዕል።

እዋናዊ ካብ ዕለት፦ ፌብሯሪ 27፣ 2025
(Current as of: February 27, 2025)